**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

4 **ጳጉሜን** 2018 **ግዕዝ**
**9 september 026**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-661**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን.

ጉዳይ፡ እዋናዊ ምዕባለታት ቤተክርስትያንናን ምስኡ ዝኸይድ ኣገዳሲ ሓበሬታን።

ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሃኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ

መንፈሳዊን ሕውነታዊን ሰላምታና ተቐበሉ። ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሸ2ራሕኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰ ንምነ። ብምቕጻል ብጉዳይ ቤተክርስትያንና መዓልቲ መዓልቲ'ውን ገሊጽካ ዘይውዳእ ተባዕ ቃልሲ ዝሓትት ብድሆትታት ከም ዝጸንሐን ከም ዘሎን ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ኩነታት ቅድስቲ ቤተክርስትያን ብሓፈሻኡ፡ ብፍላይ ድማ ቤተክርስትያንና ብዝምልከት፡ ከም'ቲ ብመራኸቢ ብዙሓን'ውን እትከታተሉዎ፡ ንነዊሕ ዝኸደ ዝተጠናነገ ተሪኻዊ ምዕባለታትነ ዝሓቝፈ ምኻኑ ዝይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ሓሓሊፍና ነቲ መቐይሮ ዘሰዓበ ምዕባለታት ቅርጥው ዝበለ ግን ኣገዳሲ ሓበሬታ ነመሓላልፍ ኔርና ኢና። ብዙሕ ከም እትጽበዩና ንፈልጥ ኢና። ይኹን ደኣ እምበር ኣብ ምሕደራ ዘዋጻጻእን ጊዜ ዝሓለወን መልእኽቲ ምሕላፍ ስለ ዘድሊ ኢዩ።

ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝሃብናዮ መግለጺ ብምብጋስ እቲ ዝተረፈ ኣገዳሲ ምዕባለታት ኣብ ሓጺር ጊዜ ከነቕርቦ እኳ እንተኾንና ሕጂ ግን ወድዓዊን ይጽንሓለይ ዘይበሃሎን ሓበሬታ ከነመሓላልፈልኩም ንፈቱ። ንሱ ከኣ፥
ሰበኻ ጉባኤ ደብረሰላም መድሓኔዓለም (ስቲኽቲንግ) ናብ ሓድነት ዘድሊ መሥርሕ ብዕቱብ ክቃለሰሉ ዝጸንሐ ምኻኑ ግን ኣብ ጉዕዞ ኣብ መፋርቕ ሰነ 2026 ነቲ ውዕል ዘፍርስ ኣካይዳ ምስ ተኸሰተተ ን ኣባላትና ከም ዝሓበርና ዝዝከር ኩይኑ፣ ምስኡ ጉድኒ ንጉድኒ ዝኸይድ ድማ፡ ብብዙሕ ቃልሲ ኣብ ጨረታ ምግዛእ እታ ን17 ዓመታት ክንግልገለላ ዝጸናሕና ቤተክርስትያን ተሳቲፍና ኢና።
'ስቲኽቲንግ' ምእንቲ ከይትገዝኣ ከጋጥሙና ዝጸንሑ ተጻብኦታትን ብድሆታትን እንዳ በዳህና ጸኒሕና ኣሎና። ሕጂ ግን ዘይተደልየን ዘይተረጋገጸን ወረታት (ንኣባላትና ተሰፋ ከይገብሩ ዝትንክፍ) ወረታት ይመሓላለፍ ስለ ዘሎ እቲ ብወገንና ዘሎና ጭቡጥ ሓበሬታ ከነመሓላልፍ ንደሊ። ክሳብ ሕጂ እዛ ቤተክርስትያን ተሸይጣ ኢያ ዝብል ሓበሬታ ካብ ዋናታት ወይ ካብ ኣማኻሪኦም ከም ዘይመጸና ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም Go_Fund_me ኣውጺኡ ኣብ Youtube link ዝሓዘ online ኣውጺኡ
ኣሎ። ብቪድዮ ምስ ጽሑፍ ተገሊጹ ኣሎ። እዛ ቤተክርስትያን ክንገዝኣ ብቑዓት ተሚረትቲ ክንከውን ክሕግዘና ዝዓለመ ኢዩ'ሞ ኢደይ ኢድካ ኢሉ ኩሉ ግዱስ ፋይናንሳዊ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ብኽብሪ ንሓትት።

ኣብ'ዚኣ ጽቐጡ'ሞ Go_Fund_me ትወሰደኩም፣ ትኸፍሉ፣ "ሼር" ከኣ በሉዎ።
[Https://www.gofundme.com/f/help-us-buy-our-church-debreselam-medhaniealem](Https://www.gofundme.com/f/help-us-buy-our-church-debreselam-medhaniealem)

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ



***ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**